*ያዕ ንበሎም ንዝጠለሙ ሕድሪ ሰማእታትና*
*ሕድሪ ጠሊሞም ደም ዘንብዕዎ ዘለዉ ንህዝብና*
*ካብ ሕድሪ ስዋኣቱ ዘይጠለመ*
*በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*

ዝኽሩ ሰማእታትና ብኣለም መስፍን ክጅምሮ
ናታ መስዋእታ ታሪኽ አለው ፋሉይ ዝገብሮ

ሓንቲ ካብ ተን ሓርበኛታት ዋዕሮ
ሕደሪ ሰማእታትና ወትሩ ክንዝክሮ
ዝወደቑ አብ ጎቦ አብ ስንጭሮ።

ኣበይ ተሪፉ  እታ ጎያይት
አብ ከተማታት ቅያ ዝፈጸመት
ንብጸታ ሓበረታ  ዘቃባበለት
ምስጢር ከይተውጽእ ሂወታ ዝኸፈለት
ኣሎ ዶ ካብዚ ዝዓቢ ጅግንነት።
ኣይረሳዕናን ሕድሪ ስዉኣት ዶ ይርሳዕ ኮይኑ

ኣብ ኣርባዓታት ዝተሰዉኡ ሓርባኛታት ኣሎዉና
ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ካብ ቶም ቀዳሞት ስዋኣትና
ኣንቢ ንመግዛእቲ ኢሎም ዓጢቖም ተዕጦቑና
ኣብ ቅስንቲ ኤረትራ ሓወልቲ ክንተኽለሎም ኢና።

ኣበይ ኣሎ እቲ  ድፋዕ ኣፍሪሱ ዝዓለለ
ኣበይ ኣሎ እቲ ኣብ ዝባን ታንኪ ዝዘለለ
ኣበይ ኣሎ እቲ ኣብ ማእከል ጸላእቱ ዝደበለ
ኣበይ ኣሎ ኣብራሃም ተኸለ ብሕብሪ ዓይኑ ዝልለ

ሕነ ህዝቡ ዝፈደ ተመልከተለይ እንዳ በለ
ሓደ ካብቶም ጀጋኑ ስዉኣት ደቂ ኤረ ወዲ ዓንደለ።

ተዘክሮታት ከባቢ ኣስመራ ከመይ ነበረ
ክንደይ ከዳዕ ብቸንቶኳትራ ዘይተተርተረ
እቶም ጀጋኑ እንተዝህሉዉ ዶ ህዝቢ መማረረ

ባዕሉ ዝነገሰ ቀደም ትሕቲ መረት ምሰፈረ
ጅግና ዶ ይነብር ህዝቡ ዘፍቀረ
ዘርዚርካ ኣይውዳእን ጅግንነት ደቂ ኤረ።
ኣይረሳዕናን ሕድሪ ስዉኣት ዶ ይርሳዕ ኮይኑ

እቶም ጀጋኑ ንጸላእቶም ዝበሉ ፋሕ ፋሕ
በኛ ሃገሮም ሂወቶም ዘወፈየ ከይ በሉ ንጽባሕ።

ኣበይ ኣለዉ ሂወቶም እንዳ ሓለፈት ዝዕልሉ
እንባታት ኣፍሪሶም ደጀኖም ዝተኻላኸሉ
ሃጀምቲ ሓሊፎም ተሪፎም ተኺሉ።

ኣብ ስንጨሮታት ተሪፎም ባዓል ሃኛማይ
ድንብርጽ ዘይበሎም ብሪምሪም ናይ ሰማይ
ጀጋኑስ ሓሊፎም ተሪፎም ባዓል ካሕዳይ
ዋዕሮስ ሓሊፋ ተሪፈን ባዓል ግብረን ግናይ
ተሪፈን ዝብላ ካሳብ ሰማይ ንብላዕ ስርናይ።

ተዘክሮታት ናይ ሰብዓን ሸውዓተን
ከተማታትና ሹዑ ነጻ ወጺኤን ነረን
ውዲ እንተ ዘይኣልም እቲ ተመን
ኣብ ሞንጎና ዘረግቲ እንተ ዘይብትን

እዛ ገስጋሲት ውድብ ምባል እንተ ዘይ ገንን
ሕጂ ኣብ ልዕለና ሸሸይ ኣይምበለን እዝ ጋኒን
ቀሪቡ  ከም መንግስቱ ሽምካ ነበረያ ነበረ ክከውን

ከምቲ ናይ ትማሊ ክከውን እዩ ከመይ ዘይከውን
ህዝብና ቀሪቡ እዩ ህዝባዊ መንግስቲ ክውንን።
ኣይረሳዕናን ሕድሪ ስዉኣትና ዶ ይርሳዕ ኮይኑ

ዕርድታት ደምሲሶ ዝተበጀዉ ብጅግንነት
እዚ ኩሉ መስዋእቲ ከፈልናስ ናብ ባርንርት
እታ ናዓኹም ዝወለድት ማህጸን ጀጋኑ ዘፍረየት
ድሕሪ ነጻነት ውን ኣይረኸበትን ቅሳነት
ብጃንዳ ህግደፍ ተኺዒዩዋ ማዓት።

ተዘክሮ ኣሎኒ ኣብ ኣጻምእ ኣዶባሓ ኣብራኽና እንቢ ኢለን ክተሓላለኻ
ዕቛር ማይ ሰቲኻ ድፋዓት ዘፍረስካ ቅሰን ንዘላኣለም ነባሪ እዩ ታሪኽካ።

ኣይረሳዕናን ሕድሪ ስዉኣት ዶ ይርሳዕ ኮይኑ
በጃ ሃገርን ህዝብን ንመግዛእቲ ዝሳዓሩ
ጀጋኑ ሰዋኣትና ንዘላኣለም ክትዝከሩ ንበሩ።

ኤረና ንለብዘበን እንበር ነዓመታስ ሸዊት ለምለም
ዓወት ኑቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰዋኣትና
ዕንወት ንጃንዳህግደፍን ዓንገልቶምን